## ሓላፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ህግደፍ ንምምሃርን ምትምሃርን ኣመልኪቶም ኣብ ቅድሚ መራኽቢ ብዙሓን ቀሪቦም ዘስምዕዎ መደረን ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቅን ከብድን ሕቖን ምዃኑ ተፈሊጡ

ምምሃርን ምስትምሃርን ኣብ ኤርትራ፡ ካብ ስእነት ሰላምን ጥዑይ ፖሊሲ ዝነቅል፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተዳኸመ፡ ተማሂረ ኣብ ህይወተይ እንታይ ለውጢ ከምጽእ ኢለ፡ ዘይወተሃደርየ ክኸውን ዝብል ሃገር ከደን ተስፋ ምቑራጽ ዘኸተለን ማዕበል ስደት ዘተባበዐን'ዩ ዝበሉ ንመግለጺ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ስርዓት ህግደፍ ዝተኸታተሉ ወገናት፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ገለ ተማሃሮ ስኢነን፡ ገለ ከኣ መማህረን ስኢነን ምሉእ ንምሉእ ዝተዓጸዋ ኣብያተ ትምህርቲ ብዙሓት ምዃነን ኣረጋጊጾም።

ወለዲ ደቆም ክመሃርሎም፡ ተማሂሮም ነብሶም ክኽእልሎም'ዩ ድሌቶምን ጸለቶምን። ህጻናትን መንእሰያትን'ውን ጻምእ ትምህርቲ ኣለዎም። መማህራን ሞያኦም ዘኽብሩን ብሞያዊ ስነ-ምግባር ዝተገዝኡ፡ ዜግነታዊ ሓላፍነት ድማ ዘለዎም'ዮም። ሃገራዊ ሰላም ብቐንዱ፡ ቅኑዕ ዘስርሕ ፖሊሲ ድማ ብካልኣይ ስለዘየለ ግን፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብሓሳብን ብተግባርን መይቱ'ዩ። ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ በበይኑ ኣጋጣሚታት ክንድዚ ኣመሪቕና ብቑዓት ዜጋታት ነፍሪ ኣለና፡ ዕውታት ኢና እናበሉ ዝነዝሕዎ ዘለው ሓበሬታ፡ ንስብእናኦምን ነቲ ክቡር ሞያን ዘዋርድ፡ ምስ ኣብ ባይታ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ድማ ፊት ንፊት ዝላተም'ዩ ክብሉ ሓቢሮም።

### ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ዘመሓላለፎ ናይ እገዳ ውሳነ ይሰርሕ ኣሎ የለን ምርመራ ክግበር ከም ዝወሰነ ተገሊጹ።

ስርዓት ኤርትራ ኣብ መንጎ ተነሓናሕቲ ሶማላውያን ኢዱ የእቱ ኣሎ፡ ኣልሸባብ ንዝተባህለ ኣሸባሪ ጉጅለ፡ የሰልጥን፣ የዕጥቕ፣ የስንቕ፡ የሰጋገር ኣሎ ብዝብል ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ተኸታታሊ ጉጅለ መዚዙ እገዳ ከም ዘንበረሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እቲ ናይ እገዳ ውሳነ ኣብ ተግባር ይሰርሕ ኣሎ የለን፡ ምርመራ ክግበር ኣለዎ ዝብል ብወኪል ኢትዮጵያ ዝቐረባ ሓሳብ ተቐባልነት ረኺቡ፡ ምርመራ ክገብር ተወሲኑ ምህላው፡ ንዋህቢ ቃል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ኣቶ መለስ ኣለም ብምጥቃስ፡ ናይ ብሕቲ ጋዜጣ ሪፖርተር፡ ኣብ ናይ 14 ግንቦት 2017 ( 6 ግንቦት 2009 ግእዝ) ሕታማ ገሊጻ።

እቲ ወሃቢ ቃል፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኤርትራ ብተደጋጋሚ ናይ እገዳ ውሳነ ከም ዘመሓላለፈ፡ ይኹን ምበር ኣብ ግብሪ ኣወዓዕላኡ ብምዝልከት ኣዛራቢ ኮይኑ ምጽናሑ ብምዝኽኻር፡ እዚ ሕጂ ዝካየድ ምርመራ ግን ድሕሪ'ቲ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ብኮንቴይነራት ተጻዒኑ ናብ ኤርትራ ክምርሕ እናከሎ ብወግዒ ዝሓዞ ወተሃደራዊ ነዋት ዝተመሓላለፈ ወሳነ ብምዃኑ ተግባርዊ ክኸውን ዝብል ትጽቢት ኣሎ ክብል ምግላጹን ሓቢሩ።

### ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ዝርከቡ ኣምለኽቲ ህግደፍ፡ ንጠቕሚ ተዓሲቦም ብህይወት ኣሕዋቶም ይጸወቱ ከም ዘለው ተሓቢሩ።

መንግስትና ሕጋውን ደሞክራስያውን'ዩ፡ ሃገርና ሰላም ኣላ፡ ብቁጠባ ተዓቢ ኣላ እናበሉ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ወረ ዘናፍሱ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ብዓቐኖም ውሑዳት፡ ጉጅለ ህግደፍ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ መጻወዲያ ዘእተዎም ኤርትራውያን፡ ከም ሰባት ናቶም ነጻ ሕልና ዘይብሎም ዕሱባት'ዮም ክብል ሓደ ብኣባላት ጸጥታ እንኮ ሰባዊ ስርዓት ዝተገፍዐን ኣካላዊ ጉድኣት ዝወረዶን ኤርትራዊ ሓቢሩ ክትብል መርበብ ሓበሬታ ሳሊና፡ ብ16 ጉንበት 2017 ኣብ ዝዘርገሓቶ ዜና ኣረዲኣ።

ኩነታት ኤርትራውያን ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ እንታይ ይመስል ገጽ ርኢኻ ዝፍረድዩ ዝበለ፡ እቲ ብረት ከም በትሪ ካብ ዝተዓደሉ ኣኩባት ሰባት ሓደ ዝኾነ ዘርኢት ዝተባህለ ኤርትራዊ፡ ኣባላት ጸጥታ ህግደፍ ብኤሌትሪክ

ገይሮም ከም ዘቃጸልዎ፡ መሰንገላኡ ብማህረምቲ ከም ዝለመሰ ብምግልጽ፡ እዞም ኣምለኽቲ ህግደፍ ኤርትራውያን'ዮም ኢልካ ክትቅበሎም ዘጸግሙ ዓጀብቲ ጥፍኣት'ዮም ክብል፡ ምስ ረድዮ ወጋሕታ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ ምግላጹ ኣረጋጊጸ።

## ብመንግስቲ ዝተኣትወሎም መብጸዓ ዝተጠልሙ ሰራዊት ኣይቮሪኮስት ኣዲሞም

መንግስቲ ኣይቮሪኮስት ንሰራዊቱ ክኽፍሎም ዝኣተዎ ወሰኽ ደሞዝ ከተግብር ብዘይምኽኣሉ፡ ዝተኣትወልና መብጸዓ ተጠሊምና ዝበሉ ገለ ክፋል ካብ ሰራዊት እታ ሃገር፡ ካብ 12 ግንቦት 2017 ጀሚሮም፡ ብዕቤታ ኣብ ካልኣያ ደረጃ ንትስራዕ ከተማ ቦዋከ ተቆጻጺሮም ከም ዘለው፡ መንግስቲ ዕጥቀም ከውርዱ ንዘቕረበሎም ጻውዒት ከም ዝነጸግዎን ማዕከናት ዜና ካብ'ታ ሃገር ሓቢረን።

እቶም ዝኣደሙ ወተሃደራት፡ ብዘይካ መንግስቲ ካብ ወርሒ ጥሪ ናይ 2017 ጀሚሩ ከተግብሮ ኣትይሎም ዝነበረ ወሰኽ ደሞዝ የተግብር ዝብል ካልእ ዕላማ ከምዘይብሎም ዝጠቐሳ እተን ማዕከናት ዜና፡ ነበርቲ ናይ'ታ ተቖጻጺሮማ ዘለው ከተማ ኣንጻሮም ሰላማዊ ሰልፊ ከም ዝገበሩ፡ ብዝተፈጥረ ዕግርግ ድማ ልዕሊ 5 በርገስ ከም ዝቖሰሉን ገሊጸን።

መንግስቲ እታ ሃገር ፍሉያት ሰራዊቱ ናብ'ቲ ቦታ ከም ዝለኣኸ፡ ብዘይዝኾነ ቅድመ ኩነት ዕጥቆም ክፈትሑ፡ እንተዘይኮነ ግን ምስኣቶም ዝኾነ ናይ ዕርቂ ስምምዕ ከምዘይገብር ምግላጹን'ውን ወሲኸን ጸብጺበን።

## ናይ ደገ ኢድ ምትእትታው ብዝተሓወሶ ኩናት ሕድሕድ ትሕመስ ዘላ ሃገረ የመን፡ ብከቢድ ሕማም ሽርኽ ተጠቒዓ።

ዝተፈላለዩ ነናቶም ዕላማን ረብሓን ዘለዎም ናይ ደገ ሓይልታት ብሓፈሻ፡ ብንግስነት ስዑዲ ዓረብ ዝምራሕ ኪዳን ብዙሓት ሃገራትን ኢራንን ከኣ ብፍላይ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ኢዶም ዘእተውሉ ንዓመታት ዝቐጸለ ደማዊ ኩናት ሕድሕድ ዝጠንቁ፡ ኣብ'ታ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ ማሕበረ ቁጠባዊ ቅልውላ ዝወለዶ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዝተዘርገሐ ሕማም ሽርኽ ዛጊት ህይወት ልዕሊ 120 ሰባት ከም ዝቐዘፈ ኣብ'ታ ሃገር ንዝነጥፋ ትካላት ረዲኤት ብምጥቃስ ማዕከን ዜና ቢቢሲ ብ14 ግንቦት 2017 ጸብጺቡ።

ትካላት ጥዕና እታ ሃገር፡ ሕጽረት ዓቕሚ ሞያውያን ቀረብ መድሓኒትን ናውቲ ሕክምናን ከም ዘጋጠመን ዝገለጸ እቲ ዜና፡ ካብ ኩሉ ዝኸፍኣ ግን፡ ሰብ ሞያ ሕክምናን ግብረ-ሰናይ ማሕበራትን ህይወት ሕሙማት ኣብ ምድሓንን ለበዳ ካብ ምስፍሕፋሕ ንምግታእን ከም ልቦም ከይንቀሳቐሱ ዓጊቱ ዘሎ ኣብ'ታ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ሓላፍነት ዝጎደሎ ዘይጻሒ ኩናት'ዩ ክብል ኣረዲኡ።

ብካልእ ዜና መንግስቲ ኖርወይ ዓመታት ዘቑጸር ቅልውላው ደቡብ ሱዳን ንምፍታሕ፡ ኩሎም ተነሓናሕቲ ፖለቲካዊ ውድባት እታ ሃገር ዝሳተፍሉ ናይ ዕርቂ ኮንፈረስን የዳሉ ከም ዘሎ፡ ጉዳይ ደቡብ ሱዳን ምሉእ ፍታሕ ክሳብ ዝረክብ ዝገብሮ ሰብኣዊ ምትሕግጋዝ ክቕጽሉ ምዃኑ ምግላጽን ተፈሊጡ ኣሎ

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላማምን ደሞክራስን ኤርትራ 19-05-2017